# እቲ ክፍሊት ነቲ ምስክር ወረቐት ናይ ደላዪ ዕቑባ ማሰል ምስራሕ ኣብ 1 ጥሪ 2020 ተቐይሩ ኣሎ

እቶም ክፍሊታት ንጠለባት ምስክር ወረቐት ካብቲ ፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ኣብ ዕለት 1 ጥሪ 2020 ወሲኾም ኣለው። ንስኻ/ኺ፡ ከም ደላዪ ዕቑባ፡ ምስክር ወረቐት ናይ ማሰል ስራሕ ኣብ ተሚልከተሉ እዋን፡ 50 ዩሮ ክትከፍል ክትሕተት ኢኻ።

እቶም በቲ ፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ዝእከቡ ናይ ምምስራሕ ክፍሊታት ኣብ በቲ ምኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ዝወጸ ኣዋጅ ዝምርኮሱ እዮም። እቲ ናይ ክፍሊት ክለሳ ንኻልእ [ጠለባት ምስክር ወረቐትcertificate requests](https://migri.fi/en/certificate-requests) እውን ዝምልከቱ እዮም።

እንተድኣ ንስኻ ደላዪ ዕቑባ ኮይንካ ወይ ከኣ ኣስራሒ ናይ ኣሚልከቲ ኮይንካ'ሞ ምስክር ወረቐት ናይ ማሰል ምስራሕ ክህልወካ ትደሊ እንተኾይንካ፡ ንምርካቡ ጠለብ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ብኽብረትካ ምስቲ ጠለብ ናይ ምስክር-ወረቐትካ ቅብሊት ወይ ካልእ ሚረጋገጺ ናይ እቲ ናይ ምምስራሕ ክፍሊት ተከፊሉ ምህላዉ ኣተሓሒዝካ ኣቕርብ።

እዞም ዝስዕቡ ከም ቅብሊት ወይ ሚረጋገጺ ናይ ክፍሊት ቅቡላት እዮም፧

- እቲ ክፍሊት ተኸፊሉ ምህላዉ ዘርኢ ቅብሊት
- እቲ ገንዘብ ካብቲ ሕሳብ ብዕድማምወሳዱ ዘርኢ ወስደት ካብቲ ክረዲት ካርድt
- እቲ ገንዘብ ካብቲ ሕሳብ ብዕዳ ከምዝተወስደ ዘርኢ ናይ ባንክ መግለጺ

## ነቲ ምስክር ወረቐት ናብቲ ፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ኣቕርቦ

እንተድኣ ከም ደላዪ ዕቑባ ትኽፈለሉ ስራሕ ትሰርሕ ኣለኻ ኮይንካ፡ ናይ ምስራሕ ማሰል ኣለካ። ስራሕ ኣብ ትረኽበሉ እዋን፡ እቲ ናይ ምስራሕ ማሰልካ ጀሚሩ ድዩ ኣይጀመረን ኣረጋግጽ ከምኡ ድማ ንሱ ገና ግብራዊ ምህላዉ ኣረጋግጽ።

እንተድኣ ምስክር ወረቐት ናይ ምስራሕ ማሰልካ ትደሊ ኾይንካ፡ ነቲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ዘሎ ምስኡ ዝኸይድ ቅጥዒ ምልኣዮ። ማምርሒታት ናይ ምጥላብን ምኽፋልን ምስክር ወረቓቕቲ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታና ይርከቡ [migri.fi/en/certificate-requests](https://migri.fi/en/certificate-requests)።

እቲ ምስክር ወረቐት ንምርካብ ዝኸውን ዝቐልጠፈ መንገዲ ነቲ ጠለብ ብኢመይል ወይ ብፖስታ ናብቲ ፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ምቕራብ እዩ። እንተድኣ ነቲ ጠለብ ብኢመይል ክተቕርቦ ዘይትኽእል ኮይንካ፡ ንሰነድ ናይ ምስክር ወረቐት ጠለብካ ናብ ናይ ኣገልግሎት ቦታ ክተምጽኦ ትኽእል።

ኣብ 2020፡ ናይ ኣገልግሎት ቦታታትና ንጠለባት ምስክር ወረቐት ብኸምዚ ዝስዕቡ ክቕበልዎም እዮም፧

- እቲ ቦታ ኣገልግሎት Käenkuja ኣብ Helsinki – ወትሩ ሓሙስ ካብ 8 ቅ.ቀ ክሳብ 4:15 ድ.ቀ (ካብ 23 ጥሪ 2020)
- ካልእ ናይ ኣገልግሎት ቦታታት – ኣብ ክሎም ናይ ኣገልግሎት መዓልታት (ቆጸሪ ሪጋ ወሰድ)።

ነቲ ምስክር ወረቐት ናይ ምስራሕ ማሰልካ ናብቲ ንፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ዝሃብካዮ ኣድራሻ ወይ ናብ ሜኢከል መቐበሊኻ ብፖስታ ክንሰዶ ኢና። ነቲ ምስክር ወረቐት ካብ ናይ ኣገልግሎት ቦታ ክትወስዶ ኣይትኽእል ኢኻ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ**

- ናይ ደላዪ ዕቑባ ማሰል ምስራሕ፥ migri.fi/en/asylum-seeker-s-right-to-work
- ማምርሒታት ናይ ኣጠላልባ ምስክር ወረቐት፥ migri.fi/en/certificate-requests
- ናይቲ ፊንላንዳዊ ኣገልግሎት ኤሚግረሽን ናይ ምምስራሕ ክፍሊታትን ሓበሬታ ብዛዕባ ክፍሊትን፥ migri.fi/en/processing-fees-and-payment-methods